ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት

ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተኸቢሩ

*ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት ሃምቡርግ፡ ብረመን፡ ሉቤክ፡ ኪልን ንርህው ጽባሕ - ሎሚ ንስራሕ” ብዝብል ቴማ መሪሕ ብዕለት 31 ግንቦት 2014 ኣብ ከተማ ሃምቡርግ“ መበል 23 ዓመት ጽምብል ሃገራዊ ናጽነት ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን የዕሩኽ ኤርትራውያንን ዝተሳተፍዎ ብድምቀትን ብኽብ ዝበለ ማዕርግን ኣብዒሎም።*

*ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓል መደብ ብዓል ብዝክሪ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙርን ብድሕሪ ምኽፋት ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩምን ፡ ናይ ዮሃና መልእኽትን ኣቕረበት።*

*ሰዒኑ ቀዳማይ ጸሓፊ ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ሰፊሕ መግለጺ ብድሕሪ ምቕራብ ህዝብን መንግስትን - ንምዕባለን ሰላምን ሃገር ብውህደት ሳላ ዝጸዕርና፡ ኤርትራ ኣብ ጎደና ራህዋን ብልጽግናን እንምርሽ ዓቢ ተስፋን ርኡይ መጻኢን ኣብ ዘሎናሉ ከምወትሩ ኣበርቲዕና ክንሰርሕን መኸተና ክነሐይልን ከምዘሎና ኣዘኻኸረ።*

*ብዝተኻየደ ውዕውዕ መደብ ምቍራጽ ቶርተን ምኽፋት ሻምፓኝን በቶም ሕቡባትን ወናማት ሰነጥበባውያን ወኒ ሰባት ክቕስቕስ ሃገራዊ ተዘክሮታት ዘለዓዕል ሰውራውን ባህላውን ዘመናውን ዜማታትን ሙዚቃን ሳዕስዒትን ፡ ኣብ ምንን ዓበይትን መንእሰያትን ብዝፈጠሮ ውሁድን ሰኒትን ዝዓብለሎ ሃዋህው ፡ ንመርኣያ ሓድነቶም ብርክት ዝበሉ ግዱሳት ኤርትራውያን ካብ ከተማ በርሊን ብጥርናፈ ኣብቲ ብዓል ብምስታፍን ፡ ንጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራውያን ዘባ ሰሜን ጀርመን ላዕላይ ናይ ኣወንታዊ መልክዕ ሂብዎ።*

*ኣብ መደምደምታ ተሳተፍቲ፣ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝሰላሰል ዘሎ ናይ መኸተን ልምዓትን መደባት ብምምዓስ፣ ኣንጻር ሃገሮም ንዝካየድ ኩለንትናዊ ተጻብኣታት ንምፍሻል፣ ከምኡ’ውን ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ተሰሊፎም ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ቅሩብነቶም ብምርግጋጽን ፡ ወግዓዊ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብዉዕዉዕን ልዑልን ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚመ ።*

*“ንርህው ጽባሕ፡ ሎሚ ንስራሕ”*

*ማሕበረ-ኮም ሃምቡርግ ከባቢኣን*

*ሃምቡርግ 01. 06. 2014*